# ኤርትራ ንምጥፋእ ዝተጠጀኤ
# ጥጅእ ኣሜሪካን ሰዓብታን እንክጽሞቕ ፡

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ኣቀማምጣ ጂኦግራፍያዊ መሬቱ ንዘመናት ግዳይ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ኮይኑ እዚ ክበሃል ዘይከኣል ሕሰምን መከራን ኣሕሊፉ እዩ።እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ መሬቱ እግሮም ንዘንበሩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ይዕበዩ ይንኣሱ ኣሜን ኢሉ ተገዚኡ ኣይፈልጥን። እቶም ብደረጃ ምዕባሌኦም ክገዝኡናስ ይትረፍ ክንገዝኣኦም ውን ዘሕፍሩ ዳሕረዎት ገዛእትና ኣብ ትሽትሽ ኣሜሪካን ሰዓብታን ተሸጒጦም ኣብ ልዕሊ ህዝብና እዚ ክበሃል ዘይከኣል ኣረሜናዊ ግፍዕታት ፈጺሞም ። ህዝቢ ኤርትራ በይኑ ንሰላሳ ዓመታት ጸኒዑ መኪቱ ነጻነቱ ክዓትር በቒዑ። ኣሜሪካ ካብ ዝኾነ ይኹን ሃገር ንላኦሊ ነጻነት ኤርትራ ኣይተዋሕጠላን፡ ኣብ ሓምሳታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸመቶ በደል ከይኣኽላ እነሆ ሎሚ ድማ ተንኮላት ካብ ምምሃዝ ዓዲ ኣይወዓለትን። ብርግጽ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ልቢ ኣዕብዩ ንኹሉ ኣብ ከብዱ ጸይርዎ እምበር ንተንኮላት ኣሜሪካስ ገና ካብ ኣፎም ከይወጸ እንከሎ ይፈልጦ እዩ።ኣሜሪካ እቲ ዝያዳ ብዘይጥርጥር ክዕወተሉ እየ ኢላ ብኢትዮጵያ ጌራ ብድሕሪ መጋረጃ ተኸዊላ ዝወልዓቶ ኲናት በቲ ሓያል ጽንዓትን መኸተን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተደርዒሙ ምስ ፈሸለ ሕማም ርእሲ ኣሜሪካ ካብቲ ዝነበሮ ዝያዳ ገደደ። ኣሜሪካ ሕሉፍን ናይ ሎምን ታሪኻ ምስ እንዕዘብ፡ ኲናት ወሊዓ ዝተዓወተትሉ ግዜ ኣይተራእየን ንብድሕሪ ሕጂ ውን ኣይክርእን እዩ።ካብ ቀዳማይ ጌግኣ ስለ ዘይትመሃር ከኣ እነሆ ኣብ ዓለምና ናይ ህውከትን ኲናትን ዕንወትን ጠንቅን መርኣያ ኮይና ትርከብ። ዕሽነት ኣሜሪካ ንሩስያ ዘውደቐትን ዘጥፍኣትን መሲልዋ ንቑጠባ ዓለም በይና ሓያል ኮይና ኣብ ትሕቲ ቊጽጽራ ከተእትዎን ክትብሕቶን ሃነፍነፍ ኣብ ምባል ትርከብ። እዚ ግን ሕልሚ እዩ። ሩስያ ሓይላ ኣየጥፍኣትን ከም ቀደማ እያ ዘላ ከምኡ ውን ኣብ ዘሎናዮ ዘመን ኣሜን ኢሉ ዝግዛእን ዝምብርከኽን ህዝቢ ውን ስለ ዘየሎ ኣሜሪካ ኣብቲ ንኻልኦት ኣህዛብ ንምንዳድ ዝኣጎደቶ ሓዊ ባዕላ ትልብለቦ ኣላ።
እቲ ብወያነ ጌራ ንምጥፋእና ዝወልዓቶ ኲናት ምስ ፈሸላ ነቲ ባዕላ ከም ኣውሓሲት ኮይና ዘጽደቐቶን ዝፈረመትሉን ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ዶብ ጉዳይ ተፈሪዱ ክነሱ ሓይላ ከተርእን ዳግማይ ኲናት ብኢድ ኢትዮጵያ ወሊዓ ከተጥፍኣና መታን ክጥዕማ ነቲ ጉዳይ ዓንቂጻቶ ትርከብ።
ነዚ ብ2002 ዝተፈርደ ብይን ኣብ ግብሪ ከይትርጎምን እቲ ጉዳይ ከይዕጾን መዐንቀጺኣ ቀንዲ ምኽንያት ንኢትዮጵያ ዝያዳ ንኹናት ከም እትዳሎን ዝኣክል ስንቅን ዕጥቅን ካልእ ዲፕሎማስያዊ ሓገዛት ከተዳሉን መታን እዩ ኔሩ። እንተኾነ ኢትዮጵያ ብሰንኪ እታ ጭፍራ ዝኣተዋ ሰለሎ ብውሽጣዊ ዕግርግር ቦኽቢኻ ኣይኮነንዶ ንኤርትራ ክትወግእሲ ንህላዌኣ ኣዝዩ ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነ ኩነት ስለ ዘላ ፡ ንኣሜሪካ ንዳግማይ ፍሽለታ ኣብ ቅድሚኣ ገቲርዎ ይርከብ።
ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነት ኣሜሪካ ሓንትን ናይ መወዳእታን ክዕወተላ እኽእል እየ ዝበለታ ነገር ኢትዮጵያ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ኩሉ ሓይላ ኣኻኺባ ንዓሰብ ካብ ኤርትራ ቆሪጻ ንምሓዝ እዩ። ነዚ ከኣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብኽመይ ብመሬት ጂቡቲ ተጠውዩ ብመሬትን ብባሕርን ብደገፍ ኣሜሪካን ሰዓብታን ንዓሰብ ይቆጻጸር እዩ። ነዚ ክዉን ንምግባር ወዮ ሕልሚ ፡ ዘየሎ ኩነታት ፈጢርካ ጂቡትን ኤርትራን ምንቓት  እዩ። ጂቡቲ ንሽሙ ባንዴራ ዘንበልበለት ግን ኣብ ትሕቲ ሞግዚት ፈረንሳ እትነብር ኣጽፋር ይኹን ኣስናን ዘይብላ ድሙ እያ።ምስኣ ዝኾነ ናይ ዶብ ይኹን ካልእ ዘባእስ ነገር የብልናን፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነት ከኣ ንኤርትራ ከተጥቅዕሲ ይትረፍ ክኸላኸል ዝኽእል ዓቕሚ ውን

የብላን።ስለዚ እንተደኣ ኤርትራን ጂቡትን ኲናት ጀሚረን ሰራዊት ጂቡቲ ዘይኮነ ክዋጋእ ሰራዊት ፈረንሳ እዩ። ስለዚ እዚ እንተደኣ ጌርና ንኤርትራ ብኢድ ኢትዮጵያ ወይ ጂቡቲ ዘይኮነስ ብኢድና ሃሪምና ከነጥፋኣ ንኽእል ኢና ኢሎም ነዚ ስጉምቲ ከይከደ ዝፈሸል ጥጅእ ክጥጅኡ ተካል ከሪሞም። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣናፍራ ቆጃሕ ዘይፈልጥሲ ኣይሃዳናይን ይብሎም። ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመታት ዕሸላት ደቁ በጃ ከፊሉ ዘምጽኣ ሃገር ናይ ማንም ዝረብሕን ዘይረብሕን ወሮበላ መላገጺ ክትከውን ፍጹም ኣየፍቅድን። እቲ ንሰላሳ ዓመታት ደምና ከም ማይ ክዛሪ ንብረትና ብናፓል ቦምብ ክሓርር ሰብናን ማልናን ብናፓልን ክላስተርን ቦምባታት ክሓርር መዓስ ኢትዮጵያ በይናም መጺኦም ኣሕሪሮሙና በዓል ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን ደይኮኑን ዝተበራረዩልና! ግንከ እቲ ብጽንዓቱን ተወፋይነቱን ዝልለ ህዝቢ ኤርትራን እቲ ናይ ጎባልል ጎብለል ንኽልተ ርእሰ ሓያላን ዓለምናን ሰዓብተንን ደሪቡ ስዒሩ ነጻነቱ ዝዓትር ህ.ግ. ፡እናነብሑ ብዓወት መሰስ ኢሎም ኣብ ዓለም መዳርግቲ ኣልቦ ጅግንነት ዝፈጸሙ። ኣሜሪካ ትኹን ፈረንሳ ዋላ ካልኦት ንናትና ህላወን ምንባርን ወሰንቲ ዝኾናሉ ዋላ ሓደ ምኽንያት የለን። ንሕና ንሕና ኢና ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍና መዓልታዊ ህይወት ቃልሲ እያ። ካብ ቃልሲ ሽተት እንብለላ ዋላ ሓንቲ ደቒቕ ወይ ካልኢት የላን። ንዓና ንኤርትራውያን ቃልሲ መናብርትና፣ መውጋእቲ ስልማትና ፡ መስዋእቲ ከኣ መርዓናን ደርዓናን እዩ።ኣብ ግዜ ሰላም ሃገር ንምህናጽ ለይትን ቀትርን ኣስሚርና ብሓባር ንሰርሕ፣ ጸረ ሰላም ጻሕተርቲ ሓዊ እንተመጹ ከኣ እታ ካላሽን ኣላ እታ ታንኪ ኣላ ብዓቢኡ እቲ ኒሕ ጽንዓት ተወፋይነት ከኣ ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። መሬት ኤርትራ መቓብር ጸላእታ እምበር መዐንደሪ ጸላእታ ክይትኸውን ሰማእታትና ሕድሪ ኢሎሙና ስለ ዝሓለፉ፣ ንሕና ነፍሲ ወከፍና ኣብ ኣየናይ ኩርናዕ ናይ ዓለም ንሃሉ ብዘየገድስ ነዚ ረዚን ሕድሪ ንምኽባር ጸውዒት ይኹን ነጋሪት ኣየድልየናን እዩ። ኣሜሪካ ትኹን ፈረንሳ ረሃጽና ኣንጠብጢብና ዝሃነጽናዮ ካብ ምዕናው ሓሊፈን ኪኖኡ ክበጽሕኦን ክወቕዕኦን ዝኽእላ ነገር የሎን። እኳ ደኣ ዝያዳ ብእሳተ ጎሞራ ህዝቢ ኤርትራ ሓሪረን ጸሊም መንጠሊና ሕፍረት ተኸዲነን ንዓደን ይምለሳ፣ ንሕና ከኣ ከም ቀደምና በቲ ሓያል ቅልጽምና ሃገርና ሃኒጽና ብሰላምን ብነጻነትን ንነብር። ኤርትራዊ ሰራሕ ታሪኽ ሰራሕ ቅያ ሎሚ ውን ከም ትማሊ ንኹሎም ጸላእትኻ በቲ ነቕ ዘይብል ጽንዓትካን ሓሞትካን ተወፋይነትካን ንኹሉ እከይ ውዲታቶም ኣፍሺልካ ብዓወት መታን እናነባሕካ መሰስ ክትብል ኩሉ ዓቕምኻ ኣወሃሂድካ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ክትምክትን ጸኒዕካ ክትቃለስን ኣለካ። ሃገርና ናትና ንዓና ንደቅና ንሕና ከኣ ኩለ እንትናና ንሃገርና እዩ። ኪኖ ሃገር እነማዕድዎን እንጥምቶን ዋላ ሓደ ነገር የሎን። ሎሚ ኣብ ነጻነት ኮይንና እተን ወነንቲ ኣቶም እተን ኣብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ቬቶ ድምጺ ኣለወን ዝበሃላ ሓያላን ዓለምና ክወግኣና ይሸባሸባ ኣለዋ ኢልና ክንርዕድን ኣብ ዘየድሊ ስነ ኣእምሮኣዊ ጭንቀት ክንኣቱን የብልናን ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ንነጻነት ህ.ግ. በይኑ ነቲ ብብዝሒ ሰራዊት ብዕስራ ግዜ ዝተዓጸጸፎ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምስ ምሉእ ዘመናዊ ኣጽዋርን ዓሰርተታት ኣሽሓት ወተሃደራዊ ጀነራላትን ፓይሎታትን ሕብረት ሶቪየትን ሰዓብታን በቲ ሓደ ወገን ምሉእ ቍጠባዊ ሓገዝ ካብ ኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ተኣኻኺቦም ክመጹ እንከለዉ ህዝባዊ ግንባር ግን ምስ ዕሩቕ ዝባኑ ምስ ጥሙይ ከብዱ ምስ ንቑጽ ጎሮርኡ ካብ ጸላኢ ብዝሰለቦ ብረት ጌሩ እዩ ንኹሉ ወራራቶም ኣፍሺሉ ደማሲሱ ነጻነቱ ዝጨበጠ።ሎሚ ግዳ ሃገር ወኒና ሓድነትናን ጽንዓትናን ዝያዳ ኣደንፊዕናሉ ኣብ ዘሎና እዋን ናይ ኣሜሪካን ፈረንሳን ዋላ ካልኦትን ፈኸራን ታህዲድን ዕጅብ ኣይብለናን። ትማል ነዞም ዕቡያት ብገዛእ ብረቶም ኣብ ዝኣጎዱዎ መጋርያ ሓዊ ደቒዲቑ ዘሕረሮም ህ.ግ. ምስ ሓፋሽ ህዝቡ ኮይኑ እዩ። ሎሚ ከኣ ህ.ግ. እቲ ናይ ትማል ህ.ግ. እዩ፣ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ እቲ ናይ ትማል ህዝቢ ኤርትራ እዩ፣ እኳ ደኣ ዝያዳ ሓይልናን ደንፊዕናን መንጒድናን ሰዊድናን። እዞም ዕቡያት ካብ ጌግኦም ዘይመሃሩ ይምጽኡ እሞ ኣብኣ ትደዮም ! ንሕና ናይ ሰላም ባንዴራ እናኣንበልበልና ኣብታ ቦታና ኣሎና፣ ነዛ ናይ ሰላም ባንዴራ ረጊጹ ኣብ ልዕሌና ነገር ዝጽሕትር እንተመጸ ከኣ እሳተ ጎሞራዊ ሓዊ ተፊእና ክንልምጾ ምኻንና

ይፍለጥ። ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት መሬት ኤርትራ ሓደ ጅግና ስለ ዝወደቖላ መሬት ሕድሪ እያ፡ መሬት ሕድሪ ክደፍር ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ባዕዳዊ ከኣ ብሓዊ ኣሕሪርካ ምድርባይ እታ ሓንትን ኣማራጺትን መንገዲ እያ።
እስኪ ነዞም ቋንቋ ሰላም ዘይርድኦም ናይ ግዜ ቃልሲ መዝሙር ህ.ግ. ክደግመሎም፡

ጽንዓትና	መኸተና
ጽንዓትና	እምቢታና
ጽንዓትና	ቅልጽምና'ዩ ብድሆና
ጽንዓትና	ቀጻልነት ህላዌና
ጽንዓትና	ሓያል መፍትሕ ናይ ሽቶና
ጽንዓትና	ጽንዓትና'ዩ ውሕስነትና

ኣንጻርና ሰሚሮም ናይ ጸላእቲ ወገን
ኩሎም ተጻባእቲ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን
ንጥፍኣትና ተበራርዮም ሓያላን ናይ ዓለም
ዓንዲ ጽንዓትና ግን ዝነቕነቕ የለን
ገና ቀጻሊ'ዩ ቃልስና ብትብዓት
ሎሚ ከም ትማሊ ክሳብ ዓወት ጽንዓት።

እዞም ሎሚ ሓዊ ንምውላዕን ንኤርትራ ኣጥፊእካ ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ መጋርያ ሓዊ ንምቕያር ዝሸባሸቡ ዘለዉ ዕቡያት ነዛ ልዕል ኢላ ዝተጻሕፈት መዝሙር ቃል ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነት ተረድእዋ ንብሎም እንተኣበዩ ከኣ ኣጆኻ ኤርትራዊ መክት ዕጠቕ ንወራራት ዕቡያት ኣፍሺልካ ህላውነትካን ቀጻልነትካን ዘለኣለማዊ ንምግባር ካባኻ ዝሕተት ዘበለ ንምግባር ተዳሎ።ኣጆኻ ኤርትራዊ ከምቶም ቀዳሞት ኣሕዋትካን ኣሓትካን ብሓበንንቱርዓትን ከዘክረካ ዝነብር ጅግንነታዊ ታሪኽ ክትሰርሕ እቲ መድረኽ ይጠልበካ'ሎ ! ሰብ ኣብ ዓለም ንዘለኣለም ኣይነብርን እዩ፡ እቲ ዝነብር ስሙ እዩ። ሃገርን ህዝብን ክሒዱ ምስ ጸላኢ ዝሰመረ ከዳዕ ሽያጥ ዓዱ እናተባህለ ክዝንተወሉ ይነብር፡ እቲ ኣጆኺ ሃገረይ እናበለ በጃ ህዝቡን ሃገሩን ክብርቲ ህይወቱ ዝበጀወ ከኣ ሓርበኛ እናተባህለ ስሙ ብጽቡቕ እናተዘከረ ይነብር።ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ „ እንግድዓ ንፍልሖ'ዩ ታሪኽ'ዩ ነባሪ ብህይወት እንከሎኻ ግበር መዘከሪ“ ዝተባህለ።ጽባሕ ዘይኮነ ሎሚ ታሪኽ ጅግንነት ክትሰርሕ ተበገስ!
ሎሚ ነታ „ ሃገር ብዝረብሑን ዘይረብሑን ከይትድፈር ሓደራ“ እትብል ሰማእታትና ዝገደፉልና ሕድሪ ንምኽባር ተለዓል ! ሎሚ ዘይከተተ ሎሚ ዘይመከተ ብደዉ ከም ዝሞተ!

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!!
ዓወት ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ!!!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!